# ኤርትራውያን ኣብ ቦሎኛ፣ ቶሪኖ፣ ቪቸንሳን ከባቢኣን ንመደባት መንግስቲ ደጊፎም

ካብ ዕለት 04 ክሳብ 11 ሕዳር 2001 ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ኣብ ከተማታት ቦሎኛ፣ ቶሪኖን ቪቸንሳን ከባቢኣን ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ዘትዮም። ተሳተፍቲ ናይቲ ኣብ ሰለስቲኡ ቦታታት ዝተኻየደ ህዝባዊ ኣኼባታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ናይ ሓባር ውሳኔ የሕሊፎም።

1. መንግስቲ ኤርትራ መስርሕ ሰላም ንምዕዋት ዘርኣዮ ዘሎ ትጉህ ኣሰራርሓ፣ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንሰላማዊ ፍታሕ ዘንጸባርቕን ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኣብ ሕቶ ሰላም ዘነጽርን ስለዝኾነ፣ ምሉእ ደገፍና ነረጋግጽ፥

2. ብስም "ምእራም" ገለ ኣባላት ባይቶ ዘካየድዎ ኣዕናዊ ዘመተታት፣ ንህላዌ ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ፣ ሓድነት ህዝቢ ዝበታትንን ሓደገኛ ተርእዮ ስለዝኾነ፣ መንግስቲ ዝወሰዶ ሃገር ናይ ምድሓን ስጉምቲ ንድግፍ፥

3. ኣብዚ ዝተራኣየ ኣዕናዊ ዘመተታት ዝተሳተፉ ሰባት፣ ሕጊ ሃገር ብዘፍቅዶ መሰረት፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቐሪቦም ፍርዶም ክወሃቡን፣ ህዝቢ ድማ ዝፈጸምዎ በደል ኣብ እዋኑ ክግለጸሉን ንመንግስቲ ንሓትት፥

4. ልዕሊ ኹሉ ሓድነትና ክሕሎ ስለዘለዎ፣ ኣብ ዘለናዮ ቦታታት፣ ህዝቢ ንምድንጋርን ንምህዋኽን ኮነ ኢልካ ዝዋቓዕ ወረታት ብንቕሓት ክንምክቶን፣ ኣብ ሞንጎና ንተጻባእቲ ዝኸውን ነቓዕ ከይገደፍና ክንቃለስን ንመባጻዕ፥

5. ብወገን መንግስቲ፣ ንህሉው ኩነታት ሃገር ብዝምልከት ንህዝቢ ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ፣ ብመንጽር ግዜ ክረአ እንከሎ ግን ይድንጉ ስለዘሎ፣ ሓበሬታ ንህዝቢ ኣብ ግዜኡ ክወሃብ ንላቦ፥

6. መደባት ቁጠባዊ ልምዓት፣ ምጥያስ ሰራዊት፣ ምምላስ ስደተኛታት ካብ ሱዳን፣ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን፣ . . . ብዝምልከት መንግስቲ ሒዝዎም ዘሎ ዓበይቲ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ዘለና ምሉእ ደገፍ ንገልጽ።

ኣብቲ ህዝባዊ ኣኼባታት፣ ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ተረኺቦም፣ ንመስርሕ ሰላም፣ ኣዕናዊ ዘመተታት ገለ ኣባላት ማእከላይ ባይቶን፣ መደባትን ቀዳምነታትን መንግስቲ ከምኡ'ውን ዝምድና ኤርትራን ኢጣልያን ብዝምልከት ሰፊሕ መብርሂታት ብምሃብ፣ ብተሳተፍቲ ንዝቐረቡ ሕቶታት መሊሶምን ርእይቶታት ተቐቢሎምን።

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ኣወሃሃድቲ ሽማግለታት ኤርትራውያን*

# መልእኽቲ ደገፍ ኤርትራውያን ተቐማጦ ካታንያ
# ንመንግስቲ ኤርትራ

ብዕለት 28/10/2001 ኣብ ካታንያ ከባቢኣን (ኢጣልያ) ብቆንስል ሃገረ ኤርትራ ነዞም ኣብዚ ከባቢ ንቕመጥ ኤርትራውያን ሰሚናር ብዛዕባ ህሉዉ ኩነታት ሃገር ተኻይዱልና ኔሩ። ኣብቲ ሰሚናር ኣብ ርእሲቲ ዝተዋህበና መግለጺ፣ ብመልክዕ ሕቶን ርእይቶን ብሰፊሕ ተዛቲና፣ ኩሉ ነጥብታት ድማ ነጺሩልና።

ነቲ ምሩጻት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከፊልና ዝጨበጥናዮ ክቡር ናጽነትን፣ ካብቲ ብወያነ ዘጋጠመና ዳግማይ ተጻብኦ፣ ልኡላውነት ሃገር ንምዕቃብ ዝኸፈልናዮ መስዋእቲን ኣብ ግምት ብምእታው ነዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ነሕልፍ፦

1. ነቶም ታሪኽ ጅግንነትን ሓድነት ህዝብን ራሕሪሖም፣ መስርዕ ጥልመትን ኣላሽነትን ዝመረጹ፣ ካብ ውልቃዊ ረብሓን ቅርሕንትን ተበጊሶም ንሓድነት ጽንዓትናን ክብትኑ ዝተዓቑን ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘውደቑን፣ መንግስቲ ብዘለዎ ሃገር ናይ ምድሓን ሓላፍነት ንዝወሰዶ ናይ ምቕያድ ስጉምቲ ምሉእ ደገፍና ንገልጽ፥

2. እዞም ኣብ መስመር ክድዓት ዝኣተዉ ሰባት፣ ንኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ጋዜጣታት ደኹን ኣብተን ብጸላኢቲ ዝምወላ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ከካይድዎ ዝጸንሑ ኣዕናዊ ዘመተታት፣ ብዓቕልን ርዝነትን ሒዝዎ ብምጽንሑ ንመንግስቲ ነሞጉስ፥

3. ከምቲ ቅድም ቃልሲ ንናጽነት፣ ድሓር ውን ኣንጻር ወያነ ልኡላውነትና ንምዕቃብ ኣብ ጎድኒ መሪሕ ውድብናን መንግስትና ደው ዝበልና፣ ሎሚ'ውን መደባት ሃገር ንምዕዋትን ልኡላውነትናን ሃገራዊ ሓድነትናን ንምዕቃብ፣ ኣንጻር ኩሎም ናይ ግዳምን ውሽጥን ተጻባእቲ ኩሉ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ኣብ ጎድኒ ሃገርን መንግስትን ደው ከምንብል ደጊምና ነረጋግጽ።

*ወትሩ - ዓወት ንሓፋሽ!*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!*
*ክብርን ሞጎስን ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ*

*ማሕበረሰብ ኤርትራ ካታንያን ከባቢኣን*
*ሽማግለ ምክልኻል ካታንያን ከባቢኣን*